# መበል 15 ምዕራፍ ፍኖተ መስቀል።

## ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንሞት ስዒሩ ከም ዝተንሥአ።

መበል 15 ምዕራፍ ፍኖተ መስቀል ብዙሕ ጊዜ ከም ትንሣኤ እትፍለጥ አብ ሓጺር እዋን ብቅዱስ ር.ሊ.ጳ. ዮሓንስ ጳውሎስ ፪ይ አብ 2000 ዓ.ም. አብቶም ካልአት 14 ምዕራፋት ዝተወሰኸት እያ። ነዚ ቀንዲ ምኽንያት ከአ ድኅነትና አብ መቓብር አይውዳእን አብ ትንሣኤ እዩ ስለዚ ጉዕዞ ፍኖተ መስቀል ምሉእ ዝኸውን አብ ትንሣኤ ከብጽሓና እንከሎ ጥራሕ እዩ። ንፍኖተ መስቀል ዓቢ ትርጉም ይህቦ።

እተን 14 ምዕራፋት ብ1730 ብርእሰ ሊ. ጳ. ቅለምንጦስ XII እዮም ብዕሊ ተአዊጆም።አብ ታሪኽ ዝተፈላለየ ቅርጽን አገባብን ተገርሎም ግን እዚ ዘሎ ቅርጺ ንነውሕ ጊዜ ዝኸደ እዩ።አብ ካቶሊካዊ እምነት ፍኖተ መስቀል ዓቢ አምላኾ ዝረኸበ ኮይኑ አብ መላእ ዓለም ዘለዉ ክርስትያን የዘውትርዎ። ብንግደት አብ ኢየሩሳሌም ብምኻድ እውን ነቲ ክርስቶስ ዝተጓዕዞ ብምጉዓዝ የምልኽዎ። ጉዕዞ ፍኖተ መስቀል ነቲ ብግሁድ ፍቕሪ አምላኽ ብምርአይ ብዝያዳ አብ አምላኽ ክንምለስ ይሕግዘና። ዝተኸፍለልና ዋጋ ክንርኢ ድሕሪ ክኢልና አብ አምላኽ ክንምለስ ከቢድ አይ ኮነን።

ምዕራፋት ፍኖተ መስቀል ኩልና ከም እንግንዘቦ ህዝባዊ አምልኾ እዩ ስለዚ ክቅየሩ ክጎድሉ ወይ ክውሰኹ ይክአል እዩ። ነዚ እትገብር ቤተ ክርስትያን እያ። ምስቶም ምስጢራት ቤተ ክርስትያን ከይንሓዋውሶም ወይ አብኦም ዘሎና አኽብሮት ልዕሊ ምስጢራት ወይ ከም ምስጢራት ክኸውን የብሉን። ምስጢራት ብክርስቶስ ዝተሰርዑ ብቤተ ክርስትያን ዝዕደሉ ፍሉይ ጸጋ ዝህቡና እዮም።ንአብነት ገለ ሰባት አብ ጊዜ ቅዳሴ መቑጸርያ ይገብሩ ጌጋ እዩ። አብ ጊዜ ቅዳሴ ምሉእ አድህቦናን ጸሎትናን አብ መአዲ ቅዳሴ ክኸውን አለዎ። አብ ፍኖተ መስቀል ዝመጽእ አብ ቅዳሴ ዘይመጽእ ጌጋ እዩ። ምስጢራት ልዕሊ ካልአት ህዝባውያን አምልኾታት እዮም።

ታሪኻዊ አመጻጽአ ጉዕዞ ቀራንዮ ኢየሱስ አብ መስቀል ምስ ሞተ ተቐቢሩ እዩ ዝብል መበል 14 ምዕራፋት እንተ ኾነ እዚ አይ ኮነን መወዳእታ ናይ እቲ ታሪኽ። ብናይ አብ መስቀል ምማት አምላኽ ህያብ ዘለዓለማዊ ሂቡና።ነጻ አውጺኡ ነቲ ዝተንሕአ ክርስቶስ ከም እንስዕብ ገሩና። ካብ ጽላለተ ሞት ኃጢአትን ሞትን ነጻ ወጺእና። እሙናት ወኪላቱ ኮና አብዛ እንነብራ ዓለም ኮና ብምሉእ እምነት ነቲ ናይ ፍቕሪ ህያብ ንከማና ዝበሉ ብዓቢይ ሕያውነት ክንዕድል አፍደገ ተኸፊቱልና።

ኩሎም ምዕራፋት ነናቶም ዘዘኻኽርዎ ዓሚቕ ትምህርቲ ዝሓዘ አለዎም። አብ ምዕራፍ 15 እነስተንትኖ ነቲ ውሽጣዊ ርክብ አብ መንጎ ሕማምን ሞትን ጎይታና ምስ ግርማ ዝመልአ ትንሣኤን እዩ። ኢየሱስ ንጉዕዞ ቀራንዮ አብ መቓብር እኳ እንተ ፈጸሞ ግን አብኡ አይተረፈን ተንሢኡ ዓወትን ግርማን ተጎናጺፉ።ትንሣኤ ሓደ ክርስትያን ክገብሮ ዝግብኦ ዝምህር ንዝተኸፍለልካ ዋጋ ፈሊጥካ ወዲ ትንሣኤ ምኻን።

እዚአ ምዕረፍ ንኹሉ እቲ ኢየሱስ አብዚ ዓለም ዘምጽኦ እትዛዝም ምልክት ናይ ኩሉ ዓወቱ አብ ልዕሊ ሞትን ተስፋ ዘለዓለማዊ ሕይወትን እያ። ብዝያዳ ዝጽቀጦ ብትንሣኤ ኢየሱስ ተስፋን ካብ እምነት ዝርከብ ጽንዓትን ክንዝክር ንሕተት።

እዚኣ ምዕራፍ ከም መዘኻኸሪት ናይ ኢየሱስ ናይ መጨረሻ ዓወት ኣብ ልዕሊ ዝቓይን ሞትን ኮይና ንኹልና ኣመንቲ በዚ ተበራቲዕና ብተስፋን ፍቕርን ክነብር እተሕግዝ እያ።

ትንሣኤ ክርስቶስ መሰረት ናይ ኩሉ እምነትና እዩ። ክርስቶስ ዘይተንሥአ እንተ ኾይኑ ድማ ስብከትና ኸንቱ እዩ፥ እምነትኩምውን ኮንቱ እያ (1ቆሮ 15፡14) እናበለ ቅ. ጳውሎስ ዕብየትን ትርጉም ትንሣኤ ይነግረና። ኩሉ ኣብ ትንሣኤ ክርስቶስ እዩ ዝምስረት። ቀጺሉ ኣብ ክርስቶስ ዘላትና ተስፋ ኣብዛ ሕይወት እዚኣ ጥራይ እንተ ደኣ ኾይና፥ ካብ ኵሉ ሰብ እነደንግጽ ምኾንና ነርና (1ቆሮ 15፡19) ይብለና። ኣብ ትንሣኣ ክርስቶስ ሕያው ከምዝኾነ ኢና እነብዕል። ንኢየሱስ ዝሕዝ መቓብር የለን። ከምቲ ንሕና ክንቅየር ዘሎና ንሱ እውን ፈጺሙ ተቐይሩ ተንሥኢ እዩ። ነቲ ሞት መጨረሻ፥ ኢምንትነት መወዳእታ እያ ዝብል ብሂል ስዒርዎ ኣፍሪስዎ እዩ።

ትንሣኤ መግለጺ ፍቕሪ ኣምላኽ እዩ፥ ስለ ዘፍቀረና ምእንታና ንርእሱ በጃ ሂቡ። ትንሣኤ ክርስቶስ መጸዋዕታ ንናይ ነፍሲ ወከፍና ትንሣኤ እዩ። መሰረት እምነትና ኣብኡ ዝተሰረተ እዩ። ትንሣኤ ዋሕስ ናይ ነፍሲ ወከፍና ትንሥኤን ናይ ኣምላኽ ርግጽነት ኃጢኣትና ከም እተሓድገልናን ንዘለዓለማዊ ሕይወት ከም እተጸዋዕናን ዝነግር እዩ።ስለዚ ዕለተ ትንሣኤ መዓልቲ ሓጎስን ተስፋን እዩ።

ትንሣኤ ክሕድሰና ኣለዎ። ከምቲ ኢየሱስ ንመቓብር ከውሒ ሰሩ ኣብ ነጻነት ሓዲስ ሕይወት ዝኣተወ ትንሣኤ ኢየሱስ ንነፍስና ካብ ኃጢኣት ነጻ ኣውጺኡ ኣብ ሓዲስ ሕይወት ከም እትኣቱ ዝገብር እዩ። ትንሣኤ መጀመርያ ንሓዲስን ብዝያዳ ስነስርዓት ዝመልኦ ሕይወት ክንመርሕ መንፈስ ጸሎትን ውዳሴን ኣሕዲርና እንኣትዎ እዩ።

ክርስትያን ኣብ መቓብር ኣይተርፍን እዩ፥ ክቕጽሎ ዘለዎ ፍሉይ መጸዋዕታ ንዝልዓለ ዘለዓለማዊ ሕይወት ኣለዎ። ካብ መቓብር ክትወጽእ ክትሞቶ ዘሎካ ነገራት ኣሎ፤

1. ንኃጢኣት ክትመውት የድሊ። ካብ ክፍኣትና ወጺእና ዝተሓደሰ ሕይወት ክንሕዝ ከሎና ብመንፈስ ንትንሥእ ኣሎና። ኣብ ኃጢኣት ከሎና ክንትንሥእ ኣይ ክእልን እዩ። እምብኣር ሎሚ ክንትንሥእ እንደሊ እንተ ኾና ነፍስና ካብ ኃጢኣት ነንጽሕ።

2. ምሉእ እምነትን ኣፍልጦን የድሊ። እምነት ድልይ ክሕወሶ እንከሎ ኣብ ተሓድሶ እዩ ዘምርሕ። ክንቅየር ክንሕደስ መጀመርያ ድለት ክህልወና ኣለዎ። ንድለትና ኣብ ውሳኔ ክንገብሮ ኣሎና። በታኒ ውሉድ ኣብ ወንጌል ሉቃስ ዝንገረና ነዚ እዩ ዘስተምህረና። ድለቱ ምስ ወሰነ ጉዕዞ ንስሓ ተተሓሒዝዎ።ምሉእ እምነት ገርና ንጉዕዞ ንስሓ እንተ ወሰና ኣምላኽ ኣብ ፍርቂ መገድና ክጓነፈና እዩ።

3. ንስምዒትካን ድለታትካን መሊኽካ ምኽኣል የድሊ። ካብ ብዓቲ ክፍኣትናን ድኽመትናን ክንወጽእ ነቲ ብሕዋሳትና ዝመጽኣና መሊኽና ክንክእል። ነቲ ኣብ ብውሽና ዝስምዓና ሃረታን ሸውሃትን ተቖጻጺርና ነቲ ጽቡቕ ክንቅበል ነቲ ጎዳኢና ኸኣ እምቢ ክንብል ይግብኣና።

4. ኣብ ኣምላኽ ምሉእ እምነት ክህልወና ይግባእ። እምነት እንተለኩም ነዚ እምባ እውን ካብ ዘለዎ ክተንቀሳቐሱ ትክእሉ ኢኹም ኢልና ኢየሱስ። ኣብ ኣምላኽ ምሉእ እምነት ክንገብር ከሎና ኣብ ውሽጥና ሰላምን ርግኣትን ኣሎና። እምነት ወስኽና ኢልና ክንጽሊ ይግብኣና።

ክርስትና መሰረቱ ኣብ ትንሣኤ ክርስቶስ ስለ ዝኾነ፥ እምነትና መሰረቱ ትንሣኤ ምዃኑ ፈሊጥና ኩሉ ጊዜ ብመንፈስ ትንሣኤ ክንጉዓዝ ኣሎና። ብክርስቶስ ሓራ ዝወጻእና ደቂ ኣምላኽ ኢና።ቅ. ጳውሎስ ካብቲ ደጋጊሙ ዝምህሮ ብደምን ሞትን ትንሣኤ ክርስቶስ ዝድሓንኩም ኢኹም ስለዚ ዋጋ ድሕነትኩም ፈሊጥኩም ኣብ ኣምላኽ ኣብ ትንሣኤ ተመለሱ ይብለና።

ንወንጌላውያን እታ **ቀዳመይቲ ምልክት ትንሥኤ ጥርሑ ዝጸንሐ መቓብር** እዩ።እታ ሓዳስ መቓብር ኢየሱስ ዝተቐብረላ ጥርሓ ጸኒሓ።ሓዲስ መቓብር ዝኾነ ካልእ ሰብ ዘይተቐብሮ እዚ ኸአ ምስ ካልእ ከይትሓዋወስ ማለት ናይ ካልእ ሰብ መቓብር ከምዘይኮነ ከረድእ ዝኾነ እዩ። ወተሃደራት ሮማውያን ዝሕልዉ ነሮም እዮም ነቲ ሓቂ ብዓይኖም ርእዮም መስኪሮም እዮም። ሓዋርያት ኣብ ስብከቶም ትንሣኤ ክርስቶስ ክነግሩ ከለዉ ጥርሑ ከም ዝጸንሐ እዩ።

ሓደ ኣስላማይን ሓደ ሚስዮናዊ ክርስትያን ብዛዕባ እምነቶም ይዛረቡ ነሮም። እቲ ኣስላማይ ነቲ ምስዮናዊ ናይ ምስልምና ልዕልና ከረድኦ ኢሉ ከምዚ ኢልዎ። ንሕና ኣስላም መካ ክንከይድ ከሎና ኣብኡ ናይ ምሓመድ ሬሳ መቓብር ዘልኦ ኢና እንኸይድ።ንስኹም ክርስትያን ግን ኢየሩሳሌም ምስ ከድኩም ጥርሑ ዝኾነ መቓብር ኢኹም እትረኽቡ እናበለ ተዛረቦ። እቲ ምስዮናዊ ክምልስ እንከሎ እወ ክምኡ እዩ መሓመድ መይቱ መቓብሩ ሬስኡ ኣብ መካ ኣሎ ኣይተንሥአን። ክርስቶስ ግን ካብ መቓብር ስለ ዝተንሥአ ኣብኡ የለን ጥርሑ መቓብር እዩ ዘሎ እናበለ ትርጉም ትንሣኤ ንክርስትያን ነጊርዎ። እወ ክርስቶስ ብሓቂ ተንሢኡ እዩ፥ ኩሉ ስልጣን ሰማይን ምድርን ከአ ተዋሂብዎ እዩ። ሕያውን ንዘለዓለም እዩ።

ኣብ ወንጌል ዮሓንስ 20፡11-9 ዘሎ እንተ ኣንበብና ጥርሑ ዝጸንሐ መቓብር ከም ሓደ ምልክት ኣብ ሓዲስ ሕይወት ትንሥኤ ክርስቶስ ከም ዝነገር እዩ ዝሕብር። ኢየሱስ ተንሢኡ እዩ ኣብኡ የለን። ቀዳመይቲ ሶምን ድሕሪ ሞት ኢየሱስ ስምዒትን ሓዘንን ዝሰፈነላ እያ ነሩ። በታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ማርያም መግደላዊት መቓብር ጥርሑ ምስ ጸንሓ ተቐላጢፋ ኣብ ሓዋርያት ተመሊሳ ሬሳ ጎይታና ኣብ መቓብር የለን እናበለት ነጊራቶም። ንማርያም መግደላዊት ፍሉይ ፍቕሪ ጎይትአ ስለ ዝነበራ እዚ ዘሕዝን እዩ ነሩ ግን እዚ ንጹር መልእኽቲ እዩ ነሩ ከምቲ ኢልዎም ዝነበረ ተንሢኡ እዩ። ጴጥሮስን እቲ ዘፍቅሮ ረድእና ተቐላጢፎም ኣብ መቓብር ከዱ። ከምቲ ማርያም ዝበለቶም ኮይኑ ጸንሖም። መጀምርያ ጴጥሮስ ድሕሪኡ እቲ ዘፍቅሮ ረድኢ ርእዩ ኣመነ ።ጎይታና ከም ዝተንሥኤ ብሓቂ ኣሚኑ።

**መስካሪ ትንሣኤ ምዃን።** ኣብ ኩሎም ወንጌላውያን ደቂ ኣንስትዮ ቀዳሞት መስከርቲ ትንሣኤ እየን።ማርያም መግደላዊት ቀዳመይቲ ኣበሳሪት ትንሣኤ እያ። ሎሚ ብዙሓት ኣበሰርቲ ትንሣኤ ክንከውን ይግብኣና። ትንሣኤ ምብሳር ማለት ሰላም ፍቕሪ ተስፋ ምብሳር እዩ። ሰብ ሰናይ ሰበስሮ ዝሰአነ እዩ ዝመስል። ከም ቀዳሞት ኣንስቲ ነቶም ኣብ ፍርሓትን ምጥርጣርን ዝነበሩ ዘበሰራ ንሕና እውን ነዚአ ፍርሓትን ጥልመትን ዝመልአ ዓለምና ሓዲስ ትንሣኤ ነበስራ።

**ፍረ ትንሣኤ ኣብ ሓዋርያት እዩ ተራእዩ።** እቶም ፈረሓትን ተጠራጠርትን ከሓድትን ሃደምትን ዝነበሩ ተቐይሮም። ኣመንቲ መስከርቲ ሰበክቲ ክኾኑ ጀሚሮም። ሓዲስ ርድኢት ከሕድሩ ጀሚሮም። እቲ ስዕረት ጥፍኣት ዝመስሎም ዝነበረ ተቐይሩ። መጀመርያ ኣብ ዝተንሥአ ኢየሱስ ዘልኦም እምነት በርቲዑ። ብምኽንያት ትንሣኤ እቶም ለሚሶም ድኹማት ዝነበሩ ፈጺሞም ተቐይሮም እቶም ዝሕብኡ ዝነበሩ ኣብ ባይቶ ኣብ እኩብ ህዝቢ ብዘይ ሓደ ፍርሒ ዓው ኢሎም ንዝተንሥአ ኢየሱስ ክምስክሩ ክሰብኩ ጀሚሮም። ተመክሮ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ሕይወቶም ምሉእ ጽንዓትን ርግጽነትን ሂብዎም ክሳብ ሞት እውን ሕይወቶም ክህቡ ከምዝኾኑ ኮይኖም። ክእሰሩ

ክሳደዱ ክሕበሱ እንከለዉ ኣብ ክንዲ ዘጉህዮም ይሕጎሱ ነሮም። ንስቓዮም ሱታፌ ምስ ናይ መምህሮም ስቓይ ገሮም ክርእይዎ ጀሚሮም።

ኣብ ግ.ሓ. 10፡34-43 እንተ ኣንበብና ቅ. ጴጥሮስ እቲ ከሓዲ ፈራሕ ዝነበረ ተቐይሩ ዓው ኢሉ ክሰብኽ ክነግር ንረኽቦ። ንምሥጢር ትንሣኤ ዓው ኢሉ ንልቢ ሰማዕቱ ብዝማርኽ ገሩ ኽገልጽ ንረኽቦ። ንዝኣመነ ትንሣኤ ክርስቶስ ከምዚ ጸጋ እዩ ዘውርደሉ። ትንሣኤ ንነፍሲ ወከፍና ነዚ መንፈስ እዩ ዝህበና።

ንትንሣኤ ዝረኣዮ የለን ምክንያቱ ዝርአ የብሉን። ስቕለት ታሪኻዊ ፍጻሜ እዩ። ትንሥኤ ናይ እምነት ጉዳይ እዩ። ዝተንሥኤ ኢየሱስ ኣብ ሓዲስ ሕይወት እዩ ኣትዩ። እዚ ኣብ ኩሎም ድሕሪ ትንሣኤ እንረኽቦም ጽሑፋት ንረኽቦ። ኣንተን ቀዳሞት መዓልታት በቶም ብቐረባ ምስኡ ዝነበሩ እውን ክልለ ኣይ ክአለን፥ በቲ ሓዲስ ሰውነቱ ኣብ ኩሉ ቦታታት ይርከብ።

ትንሣኤ ንኣና እንታይ እዩ? ትንሣኤ ክርስቶስ ክንዝክር ከሎና ሓደ መልእኽቲ ኣለዎ ክንገብሮ ዘሎና ተመልሶ radical conversion ፍጹም ንጽሕና ወይ ጽሬት ማለት ንዝኾነ ኣብ ውሽጥና ዘሎ ንኣምላኽ ዘጉሂ ብፍጹም ኣንጺሕና ክንርከብ።ከምቲ ሓዋርያ ፍጽሙ ተሓድሶን ተለውጦን ዝገበሩ ከምኡ ኽንገብር።ቅ. ጳውሎስ ኣብ 1ቆሮ 5፡6-8 ከምቲ ሕጂ ዘለኽምዎ ዘይበኾዐ ሓዲሽ ብሑቕ ከም ዘይበኾዕዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፥ ከምቲ ሕጂ ዘሎኽምዎ ዘይበኾዐ ሓዲስ ብሑቕ ምእንቲ ክትኮኑ ነቲ ኣረጊት መባኾዕቲ ኣጽሪኹም ደርብይዎ. . . ብቕንዕናን ብሓቅን ብዓልና ነኽብር፥ ዝበሎ ንፍጹም ተሓድሶ ይሓትት። ብሓቂ ምስ ዝተንሥኤ ኢየሱስ ሓድነት ክህልወና እንተ ድአ ኮይኑ ሕይወትና ጠባይና ክሕደስ ክዓቢ ኣለዎ። ኣብ ኣረጊት ጠባይና ኣይንንበር። ንሕና ኣመንቲ ጥራሕ ኣይ ኮናን፥ ሰበኽቲ ጥራሕ ኣይ ኮናን ነቲ እንኣምኖ እንገብርን እንሰብኽን ኢና።

ትንሣኤ ምስ ዝተንሥአ ክርስቶስ ክንሕጎስ ጥራሕ ኣይ ኮነን ዝድለ ዘሎ ንእምነትና ንዝተንሥአ ጎይታ ኣብ መንጎና ገርና ብምሉእ ሓጎስ ክንሰብኽን ክንምስክርን እዩ ዝድለ። ምስባኽን ምምስካርን ክልተ ብዝያዳ ኣብ ንባባት ትንሣኤ ዝዝውተራ ቃላት እየን። ንስኻትኩም መሰኻክር ትንሣኤአይ ኢኹም ዝብላ ቃላት ኢየሱስ ኣብ ኣእዛና ይድውላ ኣለዋ። ብሓቂ መንፈስ ትንሣኤ ኣብውሽጡ ዝሰምዖ ሰብ ክዓቕሮ ኣይ ክእልን እዩ ክሰብኽ ክምስክር እዩ ዝደሊ። ትንሣአ ዝዕቆር ምስጢር ኣይ ኮነን። ንትንሣኤ ዘይምስባኽ ኣብ ፍርቂ ምሕዳጉ እዩ።ንሓቀኛ ክርስትያን ነፍሲ ወከፍ ዕለት ትንሣኤ  ብሓጎስ ምስቲ ዝተንሥአ ጎይታ ኮንካ እተብዕላ እያ።

መበል 15 ምዕራፍ ፍኖተ መስቀል እምብኣር ነዚ ምስጢር ዝሓዘት መዛዘሚት ናይ ኩለን ምዕራፋት እያ። እዚኣ ምዕራፍ ነቲ እተጎዕዝናዮ ስቓይ ሞት መከራ ሞት ቀብሪ መድኃኒና እትልውጥን ንመንፈስና እትሕድስን እያ።ኣብ መንጎ ተንጠልጢላን ክንተርፍ የብልናን።ደቂ ትንሣአ ኮና ክንርከብ እተዘኻኽር ምዕራፍ እያ።

ኣብ ውሽጢና ኣቲና ከትንሥእ ዝዓግተኒ ዘሎ እንታይ እዩ ኢልና ክንሓስብን ክንሳሕ ዝዕድም ምዕራፍ። ምስ ኢየሱስ ንፍጹም ሓድነት ገርና ቅዱስ ሕይወት ክንመርሕ ዘዘኻክር ህሞት ኢና ዘሎና።

ንሞት ስዒሩ ዝተንሥአ ክርስቶስ ሎሚ ንኣይውን ካብ ኃጢአተይ ኣተንሲኡ ወዲ/ጓል ትንሥአ እንኾነሉ ጸጋ ይዕድለና።

ቅዱስ ሕማማት ኣሕሊፍና ኣብ ትንሣኤኡ ብምሉእ ሓጎስን ተስፉን እንሳተፍ ይግበረና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ።